Seattle Office of Labor Standards

## *SMC 14.28 ወለንታዊ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢ (Voluntary Healthcare Expenditure, EXP) ምቁራጽ - 2024*

ብመሰረት ዝተመሓየሸ ምሃብ ዕድል ናይ ሕክምናዊ ክንክን ንናይ ሆቴል ሰራሕተኛታት ናይ ሲያትል ናይ ከተማ ሕጊ (Seattle Municipal Code, SMC) 14.28፡ እዚ ቅጥዒ ንሓደ ብኣሰራሒ ወርሓዊ ክግበር ዝጥለብ ቀረብ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢ ዝገደፈ ሰራሕተኛ  ክዳሎ ይክእል። መሰላቶም ክገድፉ ዝደልዩ ሰራሕተኛታት ናይ ምግዳፍ ብቕዓት እንተሎዎም ክውስኑ ነዚ ቅጥዒ ብሙሉኡ ክንብብዎ ይግባእ።

ብዛዕባ እዚ ቅጥዒ ሕቶታት ዘለዎም ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ን ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ  (Office of Labor Standards, OLS) ብ 206-256-5297 ክውከሱ ወይ ኣብ ናይ OLS መርበብ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ይብጽሑ [http://www.seattle.gov/laborstandards/ordinances/hotel-employee-protections](http://www.seattle.gov/laborstandards/ordinances/hotel-employee-protections).፡፡

## *ክፋል ሀ፡  ሓበሬታ ን ኣሰራሕቲ*

***ኣሰራሕቲ እዚ ቅጥዒ ቅድሚ ንሰራሕተኛ ምሃቦም ክርእይዎን ክመልእዎን ይግባእ።***

ቅቡል ንክኸውን ኩሎም ብ SMC 14.28 ከምኡ'ውን ናይ ሲያትል ሕጊ ናይ ሰብኣዊ መሰላት (Seattle Human Rights Rule) 190-250 ዝጥለቡ ናይ ምቁራጽ ቅድመ ኩነታት ክማልኡ ኣለዎም።  በዚ ክይተደረተ ከኣ ነዚ የጠቓልል፡

- ሰራሕተኛ ነዚ ምቁራጽ ክፍርም ጸቕጢ ክግበረሉ ኣይክኣልን።
- ኣሰራሒ፡ ሰራሕተኛ ክፍርም ንክገብሮ ክረደኦ ወይ ክእምት ኣይግባእን።
- ናይ ምቁራጽ ቅጥዒ ብሙሉኡ ክምላእ ይግባእ።
- ናይ ምቁራጽ ቅጥዒ ብዝኾነ መንገዲ ክልወጥ ኣይግባእን።
- እዚ ቅጥዒ ንሰራሕተኛ ብቀዳማይ ቋንቋኡ ክዳለወሉ ይግባእ። እዚ ቅጥዒ ኣብ መርበብ ሓበሬታ Office of Labor Standards ብካልኦት ቋንቋታት ይርከብ።

***ናይ ኣሰራሒ መደብ ንምምላእ ንናይ ክንክን ጥዕና  ወጻኢ ኣብ ክንዲ፡*** ______________________________________________

**(ናይ ሰራሕተኛ ቀዳማይን መወዳእታን ስም)**

| **እወ/ኣይፋል** | **ዓይነት ወጻኢ** | **ወርሓዊ መጠን** |
|---|---|---|
| | ወርሓዊ መጠን ክፍሊት ወይ ክፍሊታት ነቲ ብኣሰራሒ ዝምወል ናይ ጥዕና መድሕን | |
| | ወርሓዊ መጠን ክፍሊት ወይ ክፍሊታት ናብ ናይ ጥዕና ወለድ ዘለዎ ሕሳብ ወይ ሰይቪንግስ ኣካውንት | |
| | ወርሓዊ መጠን ክፍሊታት ናብ ናይ ጥዕና መሕወዪ ሕሳብ/ኣካውንት | |
| | ወርሓዊ መጠን ክፍሊት ናብ ናይ ተንቀሳቓሲ መሸመቲ ሕሳብ/ኣካውንት | |
| | ካልእ (ዘርዝር) | |
| | ተራ ናይ ኣታዊ ክፍሊታት | |

***ኣድራሻ ኣሰራሒ: ንናይ ጥዕናዊ ክንክን ወጻኢታት ዝምልከት ሕቶታት ዘለዎም ሰራሕተኛታት***

| | |
|---|---|
| ስም ኣሰራሒ | |
| ኣድራሻ ኣሰራሒ | |
| ናይ ኣሰራሒ ተጸዋዒ ሰብ | |
| መራኸቢ ኢመይልን ተሌፎንን | |



**ኣሰራሕን ሰራሕተኛን ናይ'ዚ ሰነድ ቅዳሕ ክሕዙ ይግባእ።**

**ሕታም፡ 01/2024**

Seattle Office of Labor Standards

## *ክፋል ለ፡ ንመሰላቶም ዝምልከት ሓበሬታ ንሰራሕተኛታት*

*ሰራሕተኛታት ነዚ ተጠንቂቖም ከንብብዎ ይግባእ።*

**ስም ሰራሕተኛ (ቀዳማይን መወዳእታን)** ______________________________________________

ናይ ሲያትል ሕጊ፡ እዚ ኣስራሒንዓኻ ወይ ኣብ ክንዳኻ ብሙኺን ወርሓዊ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት ክገብር ይጠልብ። ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢ ማለት፡ ንዓኻ ዕድል ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎታት ንክትረክብ ብኣስራሒኻ ዝኽፈል መጠን ገንዘብ እዩ። ንኣብነት፡ ኣስራሒኻ ክገብሮ ዝኽእል፡

- ንዓኻ ኣብ ናይ ጥዕና ናይ መድሕን ፕሮግራም ወይ መደብ ንምምዝጋብ ክፍሊታት ምፍጻም፥
- ናብ ናይ ጥዕና ወለድ ዘለዎ ሕሳብ ወይ ሰይቪንግስ ኣካውንት ወይ ናይ ጥዕና መሕወዪ ሕሳብ፡ ከምኡ ከኣ/ወይ
- ንዓኻ ዝኸውን ተራ ናይ ኣታዊ ክፍሊታት ምፍጻም።

ኣስራሒኻ በየናይ መንገዲ ወይ መንገድታት ናይ ሕጊ ግዴታኡ የማልእ ይመርጽ። ኣስራሒ ዝኸፍሎ መጠን ኣብ ናት'ካ ብዝሒ ስድራቤት ምርኩስ ብምግባር ክፈላለ ይኽእል። ህልው መጠን ኣብ ናይ OLS መርበብ ሓበሬታ ተዘርዚሩ ኣሎ።

ኣብ ገለ ኩነታት፡ ኣስራሒኻ ንዓኻ ዝኸውን ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት ከማልእ ይድለ <u>ዋላ'ውን ኣስራሒ ንዓኻ ወይ ኣብ ክንዳኻ ዝኾነ ክፍሊት</u> ዘይገበረ ይኹን። እዚ ንክኸውን፡ እዚ ዝስዕብ ሓቂ ክኸውን ይግባእ፡

1. ናይ ኣስራሒ እዚ ወጻኢናይ ምኽፋል መደብ፡ ንኩሉ ንዓኻ ዝግባእ መጠን የማልእ።
2. እዚ መደብ፡ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢ ዕድል ንምርካብ ንዓኻ ልዕሊ 106 ዶላር ንወርሒ (2024) ክትከፍል ኣየድልየካን (ንኣብነት ብኣስራሒ ዝምወል ንናይ ጥዕና መድሕን ዝግበር ናይ መድሕን ክፍሊታት)
3. ብወለንታኻ ናይ ኣስራሒ ሙሉእ ወይ ከፊላዊ ናይ ምኽፋል መደብ ምግዳፍ።
4. ባዕልኻ እዚ ናይ ወለንታዊ ምቁራጽምፍራም።

መዓስ ይኸውን እዚ? እዚ ዝኸውን፡ ብፍላይ ኣስራሒኻ ንዓኻ ኣብ ናይ ጥዕና መድሕን ፕሮግራም ንምምዝጋብ ክፍልት ብምግባር ግዴትኡ ከማልእ እንተድኣ መዲቡ።

ኣንተድኣ ኩሉ ወይ ብከፊል ነቲ ኣስራሒኻ ዝሓረዮ ነቲ ወጻኢ ናይ ምኽፋል ኣገባብ ገዲፍካዮ፡ ኣስራሒኻ ንስኻ እዚ ምቁራጽብምፍራም ወጻኢታት ናይ ምርካብ መሰልካ ክትሓድግ ክጠልብ ይኽእል።

**እንተድኣ ፈሪምካ፡** ንኣስራሒኻ ካብ ካልእ ኣካል ናይ ጥዕና ሽፈነ ትረክብ ከምዘለኻ ትሕብሮ ኣሎኻ፡ ከምኡ ድማ ንዓኻን ኣብ ክንዳኻን እዚ ግዴታዊ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት ምግባር ደው ከብሎ ይኽእል። እዚ ምቁራጽንሓደ ዓመት እኹል እዩ። ኣስራሒ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ዝተሓደሰ ቅጥዒ ንዓኻ መሰል ናይ ምቁራጽክትገብር ምስእትደሊ ክሕዝ ይግባእ።

ኣብ ዝኾነ እዋን ናይ ዓመታዊ ምኽፋት ምዝገባ ወይ ብምኽንያት ካብ'ዚ ኣስራሒ ናይ ጥዕና ሽፈነ ክትረክብ ብቕዓት ዝህብ ፍጻመ እዚ ወለንታዊ ምቁራጽክትስረዞ ትኽእል። እዚ ምስራዝ ብጽሑፍ ክኸውን ይግባእ። ክትጥቀመሉ እትኽእል ሳምፕል ቋንቋ ኣብ መርበብ ሓበሬታ OLS ይርከብ።

**እንተድኣ ዘይፈሪምካ ኮይኑ ግን ነቲ ናይ ጥዕና ክንክን ወጻኢ ኩሉ ወይ ብከፊል እንተድኣ ምግዳፍ ቀጺልካ፡** ኣስራሒኻ ንዓኻ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢ ክገብር ኣይክእልን።

**እንተድኣ ዘይፈሪምካ ኮይንካ፡ ኮይኑ ግን ነቲ ናይ ጥዕና ክንክን ወጻኢ ኩሉ ወይ ብከፊል እንተድኣ ምግዳፍ ዘይቀጺልካ** ኣስራሒኻ ንዓኻ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢ ክገብር ይግባእ።

Seattle Office of Labor Standards

## *ናይ ሰራሕተኛ ወለንታዊ ምቁራጽ*

*ፈርም እንተድኣ መሰላትካ ክትገድፍ  ጥራይ ደሊ ኻ።*

**ስም ሰራሕተኛ (ቀዳማይን መወዳእታን)** ____________________

ኣብ ታሕቲ ብምፍራም፡ ብመሰረት ሕግታት ናይ ግዝኣት ዋሽንግተን ብናይ ሓሶት ቃል ምሃብ መቕጻዕቲ፡ እዚ ዝስዕብ ሓቂ ሙዃኑ የረጋግጽ፡

- እዚ ኣብ ላዕሊ ኣብ ሕጊ ዘሎ ናይ መሰላተይ ሓበሬታ ኣንቢበዮን ተረዲኤዮን ኣለኹ።
- ኣስራሕየይ ንዓይ ዝሓረዮ ኣብ ክፋል ሀ ናይ'ዚ ቅጥዒ ዘሎ ኩሉ ወይ ከፊላዊ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢ እገድፎ ኣለኹ።
- ካብ'ዚ ኣስራሒ ክውሃበኒ ዘሎኒ መሰል ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት ክገድፎ እደሊ።
- እዚ ምቁራጽንሓደ ዓመት ምኻኑ ተረዲኤዮ ኣለኹ።
- እዚ ምቁራጽብጽሑፍ ክስርዞ ከምዝኽእል ተረዲኤዮ ኣለኹ።
- ሕቶታት እንተሎኒ፡ ኣብ ክፋል ሀ ናይ'ዚ ቅጥዒ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ኣስራሒ ተጸዋዒ ሰብ ክረክቦ ይኽእል።

| | | | |
|---|---|---|---|
| ስም ሰራሕተኛ | | | |
| ክታም | | | |
| ዕለት | | ቦታ (ከተማ፡ ስቴት) | |